ሱባልሳ (+ ሱባይቶ - ንሓሳባላ[15] ("ሓሰበላ") ዝፈረየ፣
+ ብዋርሳ ከዓ ካብ ኣቕሓረት ሰበይቲ ምዉት ኃዉ (ሰንበታይ) ንትእዛዝ "ወዲ እንኮ-ለይቶ"፡ ቅናፍናን እምባ ካታይን ሸውዓተ ገናሕትን ዝፈረየ ወለደ)
ጋይሶላ[16]
ሓይጂቢር
ቡክናይታ (+ ኣድጋዳ)
ጋፋዕታ
ዓንዳዽ ኩማኒት (+ ዓንዳዽ ኣስሚዕ)
ኣፍርሓ በዔራ
ኣብሳዲ (+ ኣምሩ - ኣብ ኣግዓ ጥርቀ ዘሎዉ ዝፈረየ)
ኣውዓላ ዛቑናይ (+ ዓሳዓሊ + ቦይሊያ + ኩማኒት + ኣብርሃም
+ ዓሊሃሃ + ዒንዳኣሕማድ)
ኣውዓላ ዛቑናይ ንመርዓተ-ወንጌል ጓል ኣቢብ እዳ-ዳሹም ኣእቲዩ እንካባኣ
ሃብተሚካኤል (+ ኩማኒት)
ጋዳሩማ (+ ሃብተማርያም፣ ዖቕባገርግስ፣ ዳየለ)
ተስፋት (+ ወልዶ + ኣምለኩ - ካብ ሓጐሳ፣
+ ዕዋልጉማ + ዘረሓንስ + ዲላ - ካብ ብሩር፣
+ ዘሥላሰ - ካብ ለተሥላሰ ጓል ወልደሥላሰ (ቡኮት))
ዖቅባት (+ ዎና/እና ኩማኒት "ጋማ-ባሀ"[17])

---

[15] ብሳሆ፡-"ሓሳባላ"፣ "ቡክናይታ"፣ "ኣድጋዳ"፣ "ኩማኒት"፣ "ዳየለ"፣ ዝበሃል፡ ብትግርኛ፡-"ሓሰበላ"፣ "ቡኽነይቶ"፣ "ኣልገዳ"/"ኣድገዳ"፣ "ኩመኒት"፣ "ዛይለ"፣ ተብሂሉ ይጽዋዕ።

[16] "....ጋይሶላ ምስ ተወልደ፡ እቶም ኣብ ዓዲ ዝጸንሑ "ዶብዓ" ዝበሃሉ ነበኡ ነጎዋቱ ንኵሉ ቀተሉ። ናኡ ከዓ ክሞት ቢሎም ናብ ጸድፊ ደርበዩዋቶ። ....("ሙዃ" ኣብ ዝበሃል ልዕሊ ወርዓትለ ዝርከብ ጎቦ) ናይ ሰስሓ ፀባ እናተቀለበ ዓበየ። ....ምስ ዓበየ "እንተርታይ" ንዝበሃል ዓርከበኡ ተውሓሰኒ ቢሉ፡ እንካብ ንጉሥ ዡናት ጎዞ መጺኡ ንቀተልቲ ኣቦኡ ወደኣቶም...." ዝብል ዛንታ ኣሎ።
Conti Rossini, Studi su Popolazioni Dell'Etiopia, ገጽ 877-879 ተመልከት።

[17] ንመጀመሪያ ጊዜ እንካብ ጐንደር ሹመት ስለዘምጸኡ "ጋማ ባሀ" ከምዝተብሃሉ ይንገር። ትርጉሙ፡ "መምጸኣይ ጋማ" ወይ ከዓ "መምጸኣይ ሹመት" ማለት ኢዩ። ዎና ትንሣኤ'ውን ምሳኦም ከይዶም ከምዝነበሩ ይዝንቶ። ኣብ ዓዲ ምስ መጹ ግን ብናይ ዓዲ ኢሮብን ሓዞን ናይ ሹመት ኣጸዋውዓ "ዎና" ይበሃሉ ነበሩ። ምስ'ቱ ሹመት ካብ ጐንደር ዝተውሃበቶም ነጋሪት ኣብ ጉንዳጉንደ ኣላ ይበሃል።



ዓዶኣውዓላ (+ ስብሓት፣ ዘገርግስ፣ ዓሊማዓር፣ ዓሊጡዑም፣
ዑማርሩጋገ፣ ኣርዓዱ)
ተስፋሓንስ /ሓተ/ (+ ወልዱ፣ ዓዶኣፍራሓ፣ ኡዱዳ፣
ዳፍሡሕ፣ ዓዶዑማር፣ ጉራ፣ ሓይላ፣ ሙሑር፣ ዓቢይ-
ፃዕዳ)
ወልደሓንስ + ፃዕዳ + ኩማኒት + ፃዕሩ (ካብ ርግበዳዊት[18] እተወልዱ)፣
+ ገብረክርስቶስ + ወ/ሥላሴ + ወልዱ፣ + ፋና + ሀብቱ (ካብ ኣቅልሽ-
ሰርሑሶ፡ ካብ ዓሳ-ፍሥሓ-ኣይዶለተይቲ፡ ካብ ሰብሎ-ዓገረለተይቲ እተወልዱ)።

"ኢሮብ" ዝብል ቃል ብርእሱ መሠረቱ ኣብ ምንታይ ከምዝኾነ ዝተፈላለዩ ባህልታት ኣለዉ።
- ገሊኦም መሠረት'ዚ ቃል ምስ'ቱ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ሓረግ ወለዶ ብምትኃጋዝ፡ ኣቦ እንድርያስ ቀዳማዊ (መግዲር) ሮማዊ ስለብምንባሩ

---

[18] ርግበዳዊት፡ መሠረታ ካብ ሰበያ - መርሓየሱስ ወዲ ማሕሌት ኢዩ። መርሓየሱስ ንወልደዮሓንስ፡ ወ/ዮሓንስ ከዓ ኣንግሽን ዘሚንን ወሊዱ፣ ኣንግሽ ናብ ዓፅፋት ወዲ ቡዶ ዓሳጋርዋ ኣቲያ ርግበዳዊትን ወልደሥላሴን ወሊዳ። ርግበዳዊት ኣብ ደገይቶ ኣቲያ መርዓዊኣ (ዛቑናይ ገ/ክርስቶስ) ኣብ ሣልስቲ ምስ ሞተ፡
ንዕልታ፡- "ኃወይ ኃወይ (መሓዛይ መሓዛይ) ዘይትብል መርዓቱ፡
ወደይ ወደይ ዘይትብል ሓማቱ፡
እዞ ኃወይ ክልተ ሻዕ ሞይቱ፡
ኣቲያቶ ዘይበዓልቲ ለይቱ፡
ኃወይስ ኣተው'ንጋ ኣብ ኣገል እማቱ" ቢላ ኣልቀሰት።
ርግበዳዊት ከዓ ተንሢኣ መልሲ፡-
"ካብ ዝሕፀ ሸውዓተ ዓመተይ፡
ካብ ዝኣቱ ሣልሰይቲ ለይተይ፡እ
ኣነ ዳኣ ኣቶኹ ኣብ ኣገል እማተይ፡
እዝጊ'ምበር ኣነዶ ቐቲለልክን ኣሓተይ፡
በሉ ኣሕልፉለይ ኩነርቡለይ ከፍተይ" በለት፡ ይበሃል።
ዓዶኣውዓላን ወዶም ተስፋሓንስን ብሹመት ኣብ ኣሉሉስ (እዳሞሳ) ጸኒሖም ኣብቱ ቀብሪ ተሓወሱ'ሞ፡ ኣቦኡ ንተስፋሓንስ "ክረግመካዶ ክምርቐካ ትደሊ?" በሎ። "ክምረቐ'ባ እደሊ" ምስ በሎ፡ "እምበኣር ክምርቐካስ ን'ዛ ሰበይቲ እዚኣ ኣእቱ" ተብሂሉ፡ ኣእተዋ ይበሃል። "ተስፋሓንስ" ናይ ክርስትና ስሙ እንክኾን፡ ኣቦኡ ዓዶኣውዓላ ዘውጸኣሉ ስሙ "ሓተ" ነበረ። ካብ ተስፋሓንስ ዝወለደቶም ወልደሓንስ፡ ፃዕዳ፡ኩማኒት፡ፃዕሩ፡ እንክኾኑ፡ ንበኹሪ ወዳ ወልደሓንስ ዝበለት ስም ኣቦሕጐኣ ንምዝካር ኢዩ ይበሃል።